# ሪፖርታጅ

## ወርሒ ግንቦት ጽንብል ናጽነት ኣብ ብሪጣንያ

እቲ ካብ ዕለት 30 ምያዝያ ጀሚሩ ንወርሒ ዝቕጽል ዘሎ ንጥፈታት ንገስጋስን መጻእን ዘንጸባርቕ መደባት “ወርሒ ግንቦት ንኽብሪ መዓልቲ ናጽነት” ኣብ ብሪጣንያ ብውዕውዕ መንፈስ እዩ ዝቕጽል ዘሎ።

ባሕቲ ግንቦት ኣጋጣሚ ብምግባር ኣምባሳደር ተስፍሚካኤል ገራህቱ ምስ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ለንደን ብዝተዋጸኡ ወከልቲ ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ብናይ ምኽኽር (work shop) እዩ ፈሊሙ። ኣብቲ ኣጋጣሚታት ምሕያል ሓድነት ህዝቢ ምኹስካስ ቀልዑን መንእሰያትን ኣተኩሮ ኣብ ባህላዊ መሰረትን መንነትን ምድልዳል ኤርትራዊ ስድራቤትን ኮሙኒትን ኤርትራዊ ባህላዊ ማእከልን ዝምልከት ኩፉት ምምይያጥ እዩ ተኻይዱ።

ቀጺሉ ኣምባሳደር ንዝለዓለ ጥርናፈ ኤርትራዊ ዓቕሚ ንምትእትታውን ምትሕግጋዝ ንምምዕባል ብ9 ግንቦት ምስ ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ Holloway Recreation Centre ሰፊሕ ዘተ ኣካይዱ።

ብካልእ መንጽር ርኡይ ህላዌና ንምርግጋጽ ሽርክነትና ንምዕባይን ምስሊ ሃገር ንምዕዛዝን ምስ ኣህጉራውያን ናይ ዜና ማዕከናት ኣብ Middle East Association ብ15 ግንቦት ጋዜጣዊ ዋዕላ ተኻይዱ።

ወርሒ ግንቦት ’ምበኣር ንጥሙር መኸተ ዘገልግል ንጥፈታት ሒዛ’ያ ትቕጽል ዘላ። ኣብቲ ልዕሊ 1200 ቀልዑን ወለድን መንእሰያትን ዝተሳተፍዎ “ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ብሰንበት 17 ግንቦት ኣብ Finsbury Park እዩ ቀጺሉ ውዒሉ።

ኣብቲ ልዑል ግምት ዝተዋህቦ መደባት ምስ ክብርታት ናጽነት ሓርነትን ዘተኣሳሰር ጽሑፍ ብቛንቋ እንግሊዝ ተዳሊዩ መግለጽን ኣስተምህሮን ንቀልዑ ኪወሃብ ውዒሉ። ውርሻ ቃልሲን ብሄራት ኤርትራ ስፖርትን ጸወታታትን ቀልዑ ናጽነት ንምዝካርን ንምድማቕን ዝኽእል መሳጥን መሃርን ንጥፈታት ተካይዶም።

ኣብቲ መዓልቲ ኣምባሳደር ተስፍሚካኤል ገራህቱን፡ ሓላፊት ህዝባዊ ኮማዊ ጉዳያት ወ/ሮ ሓረጉ ተ/ማርያምን ካልኦት ተጻዋዕቲ ሓለፍቲ ግንባርን ኣብ ዝተረኽብሉ ምንቕስቓስ ቀልዑ ኣብ ብሪጣንያ ከም መበገሲ ንምልዕዓል ብዘኽእል መንገዲ ከም ዝተወደበ ብምጥቃስ ቀልዑ ኣብ ብሪጣንያ ከም መበገሲ ንምልዕዓል ብዘኽእል መንገዲ

ከም ዝተወደበ ብምጥቃስ ቀልዑ ነቲ “ንሕና ኢና መጻኢ” ዝብል ኣተሓሳሰባ ብሓያል መደብ መታን ክደፍኣሉ ወለድን ኮሚኒትን ክሎም ዝምልከቶም ኣካላት ከም ቀዳምነት ክርእይዎ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ተላብዩ።

ከም መቀጸልታ ናይዚ ወርሒ ግንቦት መደባት ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ዕለት 23 ግንቦት ኣብ ከተማታት ለንደን፣ ማንቸስተር፣ ሊድስ፣ በርሚንግሃም ካልኦት ከተማታትን ተመዲቡ ኣሎ።

መዛዘሚ ኩሉ ንጥፈታት ወርሒ ግንቦት እቲ ኣብ ስኮትላንድ ዕለት 30 ግንቦት ዝካየድ ጽንብል ኪኸውን እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣገልግሎት ዜናን ሓብሬታን